pass bienvenue

**ኣጠቓቕማ ሕግታት መእተዊ ካርድ**

**1. ኣገልግሎት ናይዚ መእተዊ ካርድ**

1.1 እዚ ብምኽንያት እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ዝወሃበኩም ካርድ ካብ 1 ሚያዝያ 2017 ክሳብ 31 መጋቢት 2018 የገልግል። ዝተፈላልያ 30 ባህላውያን ማእከላትን ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታትን ብዘይ ገደብ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ።

1.2 እዚ ካርድ ነቶም ኣብዞም ባህላዊ ቦታታት ዝዳለዉ ምርኢታት ናይቲ ወቅቲ ጥራይ የገልግል። ካብዚ ዝተገልጸ ወጻኢ ወይውን ብካልኦት ሰባት ውልቀ ሰባት ዝዳሎ መደባት ክንጥቀመሉ ኣይከኣልን እዩ። ምስ ፕሮግራም ናይ ካልእ ባህላውያን ቦታታት ከም ኣብ xxxxxxx ኣይምርኮስን እዩ።

1.3 እዚ ካርድ ስማዊን ንካልእ ሰብ ዘይመሓላለፉን እዩ። ሕጋዊ ወረቀት (ፓስፖርት፡ ወረቀት መንነት ወይውን መምርሒ ፍቃድ መኪና ) ሒዝና ምስ ንቐርብ ንኣገልግሎት ብቁዕ ይኸውን።

**2. መእተዊ**

2.1 ናብ ሓደ ባህላዊ ምሸት ክንከይድ እንተደሊና ኣቐዲምና ቦታ ክንሕዝ ኣለና። ወይ ከኣ ብኣካል ተረኺብና ነጻ ቦታ እንተሎ ነቲ ምርኢት ክንዕዘብ ንኽእል።(እዚ ከኣ ነታ ባህላዊ ምሸት ጥራይ ይምልከት)።

2.2 ቦታ ክንሕዝ ኣብ እንደልየሉ ጊዜ ነጻ ካርድ መእተዊ ከም ዘለና ከነነጽር ንሕተት።

2.3 ኣብዝን ቀጺለን ዝስዕባ ቦታታት ኣቀዲምና ቦታ ክንሕዝ ኣይንኽእልን ኢና። ብቐጥታ ናብዚ ቦታ ከይድና ኣብቲ ዘሎ ምርኢት ክንዕዘብ ንኽእል። ንሳቶም ከኣ፡-

a. ሙዚቃ ክንሰምዕ : ላ ኣካዳሚ ደ ሙዚክ ቲቦር ቫርጋ (l'Académie de Musique Tibor Varga), ለ ፈስቲቫል ኣርካድ (le Festival Arcades), ለ ፈስቲቫል ፍላቱስ (le Festival Flatus), ለ ፖኽት ፍሮንክ (le Port Franc), ለ ፖዋን ኦንዝ( le Point 11), ስዮን ኦን ሉምየኽ( Sion en lumières) ዝኣመሰሉን ኢዮም።

b. ኤግዝቢሽን ዘርኣየሉ ቦታታት (Lieux d'expositions) : ሜዞን ዱ ዲያብል (la Maison du diable), ላ ግረነት (la Grenette) – ጋለሪ ደ ላ ቪል ደ ስዮን (galerie de la Ville de Sion), ላ ሜዞን ደ ላ ናቱኽ (la Maison de la Nature), ለ ሙዘ ደ ኣርት (le Musée d'art), ለ ሙዘ ደ ሂስትዋኽ (le Musée d'histoire), ለ ሙዘ ደ ላ ናትዩኽ (le Musée de la nature) ኢዮም።

c. መጻሕፍቲን ከነንብብ ምስ ንደሊ : ቤተ መጻሕፍቲ ቫሌ ኣብ ስዮን (la Médiathèque Valais – Sion)

2.4 ናብ ዝኾነ ባህላዊያን ቦታታት ክንኣቱ ከለና እዚ ዝወሃበና መእተዊ ካርድን ወረቐት መንነትን ከነርእይ ንሕተት።

**3. ዕቃበታት**

3.1 ከተማ ስዩን ምኽንያት ከይሓበረ ንጠለብና ክነጽጎን ወይውን ነዚ ካርድ ንኸይንጥቀመሉ ክዓግቶን መሰል ኣለዎ። ሕጋዊ ዘይኮነ ኣጠቓቕማ ውይውን ናይዘይሕጋዊ ኣጠቓቕማ ጥርጣረ ምስ ዝህሉ፡ ከምኡውን እዚ ካርድ ዘይተሓደሰ ምስ ዝኸውን ንኸይንጥቀመሉ ክእግደና ይኽእል።

3.2 ነዚ ካርድ ብዘይ ኣገባብ ክንጥቀመሉ ምስ እንፍትን ንኣብነት ናብ ሳልሳይ ኣካል እንተኣመሓላሊፍናዮ፡ እዚ ካርድ ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ይኸውን።

**4. ድሕነት ብዛዕባ ምትሕልላፍ መንነት**

4.1 ከተማ ስዩን መንነትና ንከይመሓላለፍ ብሕጋዊ መገዲ ተቐይዱ ይኸይድ። ንውሕስነትና ከኣ ዝግባእ ስጉምቲ ይወስድ።

5. **ተወሳኺ ሕቶ ምስዝህልወኩም** ወይውን እዚ ካርድ እንተጠፊኢኩም ብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትውከሱና ትኽእሉ።

Ville de Sion
Accueil et intégration
Christel Jost Sawadogo
c.jost@sion.ch
027 324 15 41